ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ حزب النهضة الإريتري

Eritrean Nahda Party

---

# ጻዊዒት ንኹሉ ህዝቢ ጀበርቲ !!

ንኤርትራ ከም ሃገርን፡ሃገረ ብዙሓትን ዘስምይዎ እቶም ብብዙሕነቶምን ፍልልዮምን ፡ንሓደ ረፋድ እውን ይኹን ባዕላውን ሓድሕዳውን ጸገማት ፈጢሮም ፡ተሸጊሮምን ተላቲሞምን ዘይፈልጡ ፡ብጭዋን ስልጡንን ህዝባዊ ስነ-ምግባራዊ ምሪሕታትን ኣነባብራን ፡ተሓቛቚፎም ዝነባበሩለን ፡ኣብ እዋን ጸገምን ራህዋን ጥሙራት የእዳዎም ዘይፈላለያ ፡ ብፍቶታዊ ሓድነቶም ዝልለዩን ፡ነዞም ንሓደ ዕላማን ኣብ ሓደ ሜዳን ዝተዋደቑ ህዝቢ ንምግንዛይ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝተካየዱ ፈተነታት ዘይርሳዕ'ዩ ፡ መቐጸልታ ናይዚ ድማ ኣብዚ ቅንያት'ዚ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ብምስምስ ናይ ምቕያር መንነት ወረቐት ኣብ ውሽጢ ሃገረ ኤርትራን ፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለምን ንምቕናዑ ቅጥዒ ኣዳልዩ ይንቀሳቐስ ምህላዉ ይፍለጥ ፡ይኹን እምበር እዚ ዳግማይ ድሕሪ 1992 ንመንነት ህዝቢ ጀበርቲ ዘህሰስን ዝድምስስን ኣካይዳ እቲ ስርዓት ዳግማይ ንምድጋሙ ይህንደድ ምህላዉን ነቲ ህዝቢ ጀበርቲ ብጥቅላላት ዓስርተታት ዓመታት ዝድመሩ መዋእላት ዘሕለፉን መጠነ ኣልቦ ገፋዒ በደላትን ገበናትን ዝወረዶ ወጽዓ እዩ ፡ ብቐንዱ ድማ ጠንቅን ተሓታትን ናይዚ ፡ኣብ ልዕሊ ሓፋሽ ህዝቢ ጀበርቲ ወሪዱ ዘሎ ስቅያት ፡ገበናትን ኩለ መደያዊ ቅልውላዋትን እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ገባቲ ስርዓት እዩ ።

ወጽዓ ክሳብ ዘሎ ቃልሲ'ሎ፡ ዝብል ኣባሃህላ ንዓና ከም ኤርትራውያን ጀበርቲ ምስዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ብዘይካ ብሰዓራይን ተሳዓራይን ፈጺሞም ዘይዕረቑ እዮም ፡እዚ ማለት በዚ ሓደ ሸነኽ ዓፋኒ ፡ገባትን ረጋጽን ፡ስርዓት በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ መሰሎምን ክብርታቶምን ዝተገፉ ፡ዉጹዓትን ብዱላትን ምህላዎም ስለረጋግጽን ፡ ጽፍሕታት ናይ ረጽሞም ድማ ከቢድ ዋጋታት ዝሓትት ቃልሲ ደኣ'ምበር ብትሕትናን ለመናን ፡ብምጽውዋርን ብምጽወታን ዘይፍታሕ ምኻኑ ስለዝሕብርን'ዩ ።

ስለ ዝኾነ ነቲ ሓይሉ ተጠቂሙ ሰብኣውን ዲሞክራሳያውን መሰላት ቀንጢጥ'ና ፡ መንነትናን ርስትናን ነገራዊ ጸጋታትናን ፡መንዚዕ'ና ብፍርሒ ንምጥፋእ ርእሰ ተኣማንነትና ፡ ዝተለመ ጸላኢ ህዝብና ፡ ህዝቢ ጀበርቲ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ወጽዓ ክሳብ ዘሎ ቃልሲ'ሎ ካብ ዝብል ርጉጽ ክውንነት ነቒልና ፍጻመታት መስዋእቲ ባህርያውን ንቡርን ቅቡልን ምኻኑ ኣሚና ንዝስዕቡ መስርሓት እቲ ገባቲ ስርዓት ኣብ ጉዳይ መንነትና እነካዶ ፡ቃልስን ረዘንቲ ነገራውን ሂወታውን ሞራላውን ድልውነትና ብምርግጋጽ ሓርነት መንነትና ክንጭብጥ ኩሎም ጸረ ሓባራዊ ህላዌና ቀጻልነትናን ዝትልሙ ፈላለይትን ጸበብትን ሽርሓዊ ውዲታትን ገጢምና ብጸብለልታዊ ዓወታት

ኣንጻር እዚ ደመኛናን ስነ-ሓሳባቱን ንምስጋር ፥ነዚ ዝድገም ዘሎ ፈተነ ጥፍኣት መንነትና በብሽነኸናን ተፈናቲትን ተበታቲኽናን ዘይኮነ ብጥርኑፍ ዝተወደበ ኣገባብ ክንምክቶ ይግባእ ፥እዚ ድማ ካብቲ መራኣይን ኣብነትን ናይ ውጹዕ ግን ከኣ ቁጡዕን ንቁሕን ውፉይን ዝኾነ ናይ ኣቦታትና ታሪኽ ብምውካስ ክነቅል ከምዝግባእ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ የዘኽኽር ።

ኣብ መወዳእታ ካብቲ ብደመኛ ሓፋሽ ህዝብታት ኤርትራ ዝኾነ ገባትን መላኽን ስርዓት ህግደፍ ጀሚርካ ብድሕሪኡ ዘለዉ ቅሉዓትን ዘይቅሉዓትን ሰብ ዕጥቂ ጥሩምባን መለኸትን ወይጦታቱ ፥ነዚ ታሪኻዊ መንነት ህዝቢ ጀበርቲ ፥ካብ ውሉድ ናብ ወለዶታት ንኽይሰግርን ፥መወከሲ ሕሉፍን ህሉውን ኩነታትን ፍጻሜታትን ፥መነየቲ ግምጃ ስልማትን ፡ ክብርን ሰረት ቀጻልነቱ ንክቆጽዩ ዝህንደዱ ዘለዉ ፥ኣይትህለኹ ንብሎም ፥እንትምንታይ ሕሉፍን ህሉውን ታሪኽ መንነት ሓፋሽ ህዝብና ህዝቢ ጀበርቲ ምውካስ ደኣ ተሳኢንዎም እምበር ቅድሚ ዛኣገረ እቶም ፍሹላትን ሱዑራት ዝበርዓኑ ፡ በቲ ጽንኩር ሓድነት ህዝብታት ጀበርቲ ምኳኑ ብምስትብሃል ሕጂ እውን ብዋጋ መንነትን ክብረትን ኤርትራውያን ጀበርቲ ዝኽይድ ሽርሒ ምዉት ምኳኑ ተረዲኡ መንነቱን ክብርታቱን መንበርን መናበይን ገባቲ ስርዓትን ወይጦታቱን ከምዘይከውን ክንዮቲ ዝሓለፈ ብኣጽኖኦት ደው ንክትብለሉ ድማ ኣብ ውሽጢ ሃገርና ኤርትራን ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም እትርከቡ እቶም ብጅሆ እቲ ስርዓት ግደታዊ ምቕያር መንነት ዝተታሓዝኩም ህዝቢ ጀበርቲ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ስግኣትን ስክፍታን ነቲ ናይ መንነት ቅጥዒ በቲ ሓቀኛ መንነትኩም ክትስልምዎ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ደጊማ ተዘኻኽረኩም ።

ግዴታዊ ምጽንባር ብሂራት ኣይንቕበልን !!

ዓወት ንሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ጀበርቲ !!

ዘላኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሱዉኣትና !!

**ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ**

10 ሚያዝያ 2017